
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.310 ሰንበት 27 ነሓሰ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ኮለጅ ቅድሚ ምእታውና ዘገድሱና እንጾታት ፤፤፤



ገጽ 3
ኣብ ዓረብያ፡ ዋጋ 1.2 ሚልዮን ፓውንድ ኮኪይን ተረኺቡ



ገጽ 4
ምስጢር ጥዑይ ጸጉሪ



ገጽ 5
ጸረ-ባልዓትን ጎድናዊ ሳዕቤናቶምን



ገጽ 7
ሻምፕዮና ኩዕሶ እግሪ . . .




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ካብ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ መገሻኡ ተመሊሱ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ22 ነሓሰ ናብ ረፐብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ዘቐደዶ መገሻ ዛዚሙ፡ ትማሊ 26 ነሓሰ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ተመሊሱ።



ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ሲረል ራማፎሳ፡ ብ24 ነሓሰ ከተማ ጆሃንስበርግ ኣብ ዘእንገደየን ዕድመ ዝተጉበረሉም 65 መራሕቲ ሃገራትን ሓለፍቲ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ውድባትን ኣብ ዝተረኸቡሉን ኣኼባ መሻርኽቲ ሃገራት 'ብሪክስ፡ መርጌጺ ኤርትራ ኣብ ህልው ዘይፍትሓዊ እንኮቐጽራዊ ዓለማዊ ስርዓትን ኣዕናዊ ሳዕቤናቱን ዘጸር መደረ ኣስሚዑ።

ጎድኒ-ጎድኒ'ዚ ኣኼቡ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ፕረዚደንት ረፐብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ሲረል ራማፎዛ፡ ፕረዚደንት ረፐብሊክ ደቡብ ሱዳን ሳልቫኪር ማያርዲት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ጫድ ሳልሕ ኬብዞቦ፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ቤላሩስን ቬኔዙዌላን ብዝተናጸል ኣብ ዝገበሮ ርክባት፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታትን ምትሕግጋዝን፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ዞባውን ዓለማውን ጉዳያትን ምዕባለታትን ዘተኩረ ዘተ ኣካዪዱ።

ምስ ፕረዚደንት ሳልቫኪር ማያርዲትን ቀዳማይ ሚኒስተር ሳልሕ ኬብዞቦን ኣብ ዝተኻየደ ዝርርብ ብዘወሃኸ፡ ግጭት ሱዳን ደው ንኽብል፡ ጐረባብቲ ሃገራት ሱዳን ዝጀመርኦ ጻዕሪ ብዝሓየለ ክደፍኣሉ ኣብ ዘኽእል መዳያት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ረፐብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣቶ ሳልሕ ዑመርን ተሳቲፎም ነይሮም።

ብዘይካ'ዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዝተጓዕዘ ላዕለዋይ ልኡኽን፡ ኣብ ከባቢ ከተማ ጆሃንስበርግ ኣብ ዝተደኮና ትካላት ዑደት ድሕሪ ምክያድ፡ ብዛዕባ ንጥፈታተን ምስ ኣካየድቲ ስርሐን ተዘራሪቦም።

## ኤርትራውያን ነበርቲ ቱርኪ፡ መስራቲ ዋዕላ ማሕበረ-ኮም ኣካይዶም



ኤርትራውያን ነበርቲ ቱርኪ፡ ብ20 ነሓሰ ኣብ ኢስታንቡል መስራቲ ዋዕላ ማሕበረ-ኮም ኣካይዶም።

ኣብቲ ዋዕላ ናይ ኩብሪ ቆንስል ማሕሙዲን መሓመድ ዓብደልረሺድ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኣብ ቱርኪ ናይ ዝነብሩ ኤርትራውያን ቁጽሪ ይወሰኽ ስለዘሎ፡ መስራቲ ማሕበረ-ኮም ምክያዶም - ኣብ ኢስታንቡል ኣገልግሎት ንክረኽቡ፡ ምስ ዓዶም ንኽተኣሳሰሩን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ንጥፈታት ንኽሳተፉን ዝሕግዞም ኣገዳሲ ጥርናፈ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ናይ'ቲ ዋዕላ ኣቶ ክብሮም መልኣኩ፡ እታ ሽማግለ ካብ ኢምባሲ ኤርትራ ኣብ ዶውሓን ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ቀጠርን ምሉእ ደገፍ ከም ዝረኸበት ገሊጹ።

ኣብቲ ምሉእ መዓልቲ ዝቐጸለ ዋዕላ፡ ተሳተፍቲ ነቲ ማሕበረ-ኮም ንምምዕባል ዝሕግዝ ሰፊሕ ዘተ ድሕሪ ምክያድ፡ ቅዋም ማሕበረ-ኮም ኣጽዲቖምን ምምሕዳራዊ ኣካል መሪጾምን።

ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ቱርኪ ንዝቕመጡ ኤርትራዊ ንጥፈታት ንምምዕባልን ንምስፋሕን ድማ ወሰኛታትን ለበዋታትን ኣሕሊፎም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቶ ክብሮም መልኣኽ - ፕረዚደንት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ቱርኪ ኮይኑ ተመሪጹ።

## ተርእዮ ኣንበጣ ምስ ዝኽሰት ቅልጡፍ ሓበሬታ ክወሃብ ተሓቲቱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ሃገርና ተርእዮ ኣንበጣ ምድረበዳ ምስ ዝኽሰት፡ ዝረአዮ ህዝቢ ይኹን ሰራዊት - ኣብ ጥቓኡ ንዝርከብ በትጽሕፈት ሕርሻ ወይ ምምሕዳር ክሕብር ተላቢዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ ኣብ ሃገርና ብዝተኣረየ ኩብኩባ ኪጋጥም ዝጸንሐ ሃሰዩ፡ሳላ ምሉእ ወሀደት ክኢላታት ሕርሻ፡ ምምሕዳራት፡ ህዝብን ሰራዊትን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ርጉእ ኩነታት ከምዝርከብ፡ ይኹን'ምበር ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ደርሕ ንዝሎ ኣንበጣ ገረብ ንምቅጽጻር፡ ክኢላታትን ህዝብን ኣብ ንጡፍ ስራሕ ከምዝርከቡ ሓቢሩ።

ብመሰረት መግለጺ ማእከል ትንቢያን ሓበሬታን ኩነታት ኣየር ኢጋድ (ICPAC) ከምኡ'ውን ሓበሬታ ዓለማዊ ውድብ መግቢን ሕርሻን፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ብርክት ዝበላ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ጐረባብትና ሃገራት፡ ተርእዮ ኣንበጣ ምድረበዳ ከምዘሎ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ናብ ኣገልግሎት ዜና ኣብ ዝለኣኾ ሓበሬታ ገሊጹ።

እቲ ሚኒስትሪ ነዚ ሓበሬታን ህልው ኩነታትን ምርኩስ ብምግባር፡ ኪጋጥም ንዝኽእል ሰገረዶባዊ ተርእዮታት ንምምካት፡ ዘድሊ ምድላዋት ይገብር ከምዘሎ ብምሕባር፡ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ሓረስቶትን ሰራዊትን ድማ ብፍላይ፡ ተርእዮ ኣንበጣ ምድረበዳ ምስ ዝጋጥም፡ ብቕልጡፍ ክሕብሩ ኣተሓሳሲቡ።

**ሓበሬታ፡** ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም ዝወጸ ዓንቀጽ 'ፍረ-ጻዕሪ' ብጌጋ ኮይኑ፡

እቲ ቅኑዕ እዋናዊ ዓንቀጽ 'ፍረ-ጻዕሪ' ኣብ ናይ ሎሚ ሕታም ገጽ 5 ወጺኡ ከምዘሎ ምስ ናይ ይቕሬታኡ ንሕብር።

# ኰርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኮለጅ ቅድሚ ምእታውና ዘገድሱና እንዶታት III

ናብ ኮለጅ ክንሰጋገር እንከለና ካብቲ ብዘይ ሓላፍነት ዘተጓዓዝናሉ ግዜ ናብ ሓላፍነት ንሰጋገረሉ እዩ። ምስ ስድራኻ ምንባር ተሪፉ በይንኻ ምንባር ክትምሃር ትጅምር። ግዜኻ፡ ገንዘብካን ካልእን ባዕልኻ ኣማሓዲርካ ክትከይድ ትጅምር። ነብስኻ፡ ክዳውንትኻን ከባቢኻን ባዕልኻ ኣጽሪኻ ትኸይድ። ሓደ-ሓደ ግዜስ ኣሰራርሓ እተን ዝቐለላ መግቢ ምኽኣል የድልየካ እዩ። ናይ ድቃስ ወይ ዕረፍቲ ግዜኻ'ውን ኣካል ናይቲ መዓልታዊ ንጥፈታትካ ይኾኑ። እቲ ንትምህርትኻ እትገብሮ ጻዕሪ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነዚ ኩሉ ኣወሃሂድካ ምኻድ በዳህን ተለማድን ቀዳማይ ፈተና ኮለጅ እዩ። ዝበዝሐ ግዜ፡ ኣብ ናይ ኮለጅ ህይወት ጉሊሖም ዝረኣዩን ኣገደስቲ ጉዳያት ተመሃሮን ዝኾኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ንምሕደራ ግዜን ኣገባብ መጽናዕትን ዝገልጽ ጽሑፍ ኣቕሪብና ነይርና። ንሎሚ'ውን መቐጸልታኡ ከነስዕብ፤

ዝምድና

ኣብ ኮለጅ ምስ ኣተና ካብ ፈተውትና፡ መተዓቢትናን ስድራናን ክንፍለ ኢና። በይንና ዘለና ኰይኑ ክጥዕመና ይኽእል። ኣብ ሃገርና እዚ ከም ዓቢ ጸገም ዘይክረአ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ኣቐዲምና ኣብ ሳዋ ዓመት ምሉእ ምስ ከማና ስለ እንሕልፍ፡ ንእሽቶ መላመዲ ክኾነና እዩ። ኮለጅ ምእታውካ ንብዙሓት በሊጽካ ትኣትዎ ምህላውካ'ውን፡ ዝፈጥረልካ ኒሕን ሞራልን ኣሎ። ካብ ስድራኻን ፈተውትኻን ብቐረባ እትረኽቦ ሞራል ዘይክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ ዙርያኻ ምስ ዘለዉ - ምስ ደቂ ክፍልኻ፡ መዳቕስትኻን ካልእን - ጽቡቕ ዝምድና ክህላወካ ይምረጽ።




- ኣብ ኮለጅ ንዝንባለታትና ዝኸውን ሞቕሽሽ ክህሉ ይኽእል እዩ። ምስ ከማና ተመሳሳሊ ዝምባለ ዘለዎም ብምኻን ክንዋሳእ ጸገም ኣይፈጥረልናን እዩ።

- ምዕባለታት ትምህርትኻ ብዘይ ስክፍታን ሸቑረራን ተዕልሎ ሰብ እንተ'ሎ፡ ቀጻሊ ኣውግዓዮ። ኣብቲ ሞራል ትደልየሉ ግዜ ጸግዒ ክኾነልካ እዩ። ኣብ ኮለጅ ኣቲና ክንመሃር እንከለና፡ ናትና ሕልሚ ከነግህድ ኢና እንቃለስ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና፡ ሕማቕ እንተ ኣምጺእና "ገዛና እንታይ ክብሉኒ፡" ንብል ኔርና ንኸውን። ኣብ ኮለጅ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ሕማቕ እንተ ኣምጺእና "እንታይ'የ ዝኾኖ፡" ብምባል ኢና እንሓስብ፤ ብዛዕባ ነብስና።

- ጽቡቕ ኣፍልጦ መማህርትኻን መዳቕስትኻን ክህልወካ'ውን ኣይጽላእን እዩ።

- መምህራንካ፡ ተሓጋገዝቶምን ደፓርትመንትኻን እቶም ዝበለጹ ጸጋታትካ'ዮም። ዝኾነ መምህር ብዘይካ እቲ ኣብ ክፍሊ ኣትዩ ዝምህረሉ ግዜ፡ ንተመሃሮኡ ዘዕልለሉ፡ ዝሰምዓሉን ዘማኽረሉን ግዜ ይፈሊ እዩ። ኣብታ ግዜ እቲኣ ብምኻድ ጽቡቕ ናይ ስራሕ መንፈስን ዝምድናን ክንፈጥር ንኽእል ኢና። እዚ ንናይ ምምሃር ተመኵሮና ኣዝዩ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።

ብተወሳኺ፡

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይንኣስ ይዕበ ዝሓለፈና ሓበሬታ ኣዝዩ ሃሳዩ ኣይከውንን እዩ። ኣብ ኮለጅ ግን ዝኾነት ሓበሬታ ኣዝያ ዓቢ ለውጢ ትፈጥር ክተከውን ስለ እትኽእል፡ ሓበሬታ ንምርካብ ዓይንና ንቑሕ ክኸውን የድሊ። ኣብ ኮለጅና ዝርከቡ ጸጋታት ክንጥቀመሎም ንፈትን። ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለዉ ገጽ ቤት ንባብ ከይረኣዩ ዝተዓወቱ ርኢኹም ትኾኑ። ኣብ ኮለጅ ቤት ንባብ ከይተቐልቀለ ዝሓልፋ ኣይህሉን። ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትና ክንፈልጣ ኣይንሽገርን ኢና። ኣብ ኮለጅ ምስ ኣተና እንታይ ኣበይ ክንረክብ ከም ንኽእል ክንፈልጥ ከድየና እዩ።

## ዝወዓለ ይንገር !

### "ከምዚ ከማይ እንተ ኾንኩም...!"

ከምዚ ከማይ እንተ ኾንኩም ጸገም የለን። ኮለጅ ብማዕዶ ከፍርሓካ ይኽእል እዩ፣ ኣርባዕተ - ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ኮለጅ ዝነውሕካ ክመስለካ ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ከምዚ ከማይ እንተ ኾንኩም ጸገም የለን። ኣብ ካልኣይ ደረጃ መጽናዕቲ ዘይትፈትዉ፡ ካብ ኣፍ መምህር እናቘለብኩም ጥራይ ብልጫ ትወስዱ ትኾኑ፣ ኣብ ኮለጅ ብዙሕ ጻዕሪ ከም ዘድሊ ትሰምዑ ወይ ተንብቡ ኣለኹም፣ ኣይትፍርሁ ጥራይ ከምዛ ከማይ ኩኑ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለኹም ብሓገዝ ሓውኹም፡ ስድራኹም ወይ ናይ ገዛ መምህር እናተሓገዝኩም ትኸዱ እንተ ኔርኩም፡ ኣብ ኮለጅ ከኣ ርእስኻ ባዕልኻ ከም ትኽእል ፈሊጥኩም ትህልዉ ኢኹም፣ ጸገም የለን ከማይ ጥራይ ኩኑ። ኣነ ከመይ ይሓልፋ ኣለኹ ከዕልለኩም በሉ፣ ተዋጽኣና እንተ ኢልኩም ስዓቡኒ።

1. ጽባሕ ንግሆ ሰብ ክኸውን እንተ ኹይነ ርእሰይ ምኽኣል ክመሃር ኣለኒ። ኮለጅ ከኣ ከምኡ'ዩ ዝገብረካ። በዚ ኣይጭነቕን እየ። መጽናዕቲ ብዙሕ ኣይፈቱን'የ ነይረ። ነዚኣ መድሃኒት ዝኾናኒ ጥበብ ክደሊ ምስ ጀመርኩ፡ ቅድም ዝገብርክዎ መደብ ምውጻእ እዩ። ንመዓልቲ ኣብ ኣርባዕተ ከፊለያ። እቲ ቀዳማይ ካብ ሰዓት 5፡00 ወጋሕታ ክሳብ 7፡00 ንግሆ፣ እዚ ኣብ ፈተና ክቐርብ እንከሎ ጥራይ ይጥቀመሉ። ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ.ቐ. ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ - ካልኣይ እብረ'ዩ፣ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ክሳብ ሰዓት 6፡00 ድ.ቐ. - ሳልሳይ እብረ፣ ካብ ሰዓት 8፡00 ምሸት ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ራብዓይ እብረ እዩ። ኣብዚ ከይትዝንግዑ፡ እቲ ዝመሃረሉ ግዜ ኣብ ውሽጡ ኣሎ፣ ንሱ ገዲፈ ኣብዘን ኣብ ኣርባዕተ ዝተመቕላ ሰዓታት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፈን ክልተ ሰዓት ንመዓልቲ የጽንዕ። ክልተ ሰዓት ኣብ ናይ ንግሆ ዘውድኣልካ የብሉን። ኣብተን ካልእ ግዜያት'ውን ከምኡ። ካብዘን ክልተ ሰዓት ንልዕሊ ኣብ ሓንቲ እብረ ኣየጽንዕን እየ። ኣብ ክፍሊ ከኣ ከምታ ዝነበርኩዋ እዝነይ፡ ዓይነይ፡ ኵሉ ቀልበይ ምስቲ መምህረይ ዝብሎ'የ ዝወሓጣ።

2. ጽባሕ ከይተርፍ ኢለ ኣይሓስብን እየ። ዘይትመውት ኒሕ ኣላትኒ። ኵሉ ሳዕ ከም ዝሓልፍ ርግጸኛ እየ። ብዘጽንየ ምጽናዕቲ ተጠራጢረ ኣይፈልጥን። "ዘይግድሻ፡" እናተባሃልኩ'የ ዝኸይድ። ካልኦት ከመይ የጽንዓ ብዙሕ ኣየሕሰበንን እዩ። እዛ ናተይ ከተሰርሓኒ ወይ ዘይከተሰርሓኒ ባዕለይ ክፍትና ኣለኒ እብል። ዝሓዝክዎ ዘበለ ንዝሓተተኒ ከረድኦ ድሕር ኣይብልን። እቲ ዝበዝሐ ትመሃሮ፡ "ክትምህር እንከለኻ እዩ፡" ኢለ እሓስብ። እዘን ክልተ ኣገባብ ንዓይ ሰሪሐናለይ እየን፣ ናትኩምከ?

ልዋም በረኸት - ከረን

### ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ

COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS

THE USE OF A WRONG TENSE

Using "hisself" or "theirselves" instead of "himself" or them selves."

Don't say: They fell down and hurt theirselves.

Say: They fell down and hurt themselves.

The reflexive pronouns, third person, are "himself" and "themselves," and not "hisself" and "theirselves."

Using the relative pronoun "which" for persons.

Don't say: I have a brother which is at school.

Say: I have a brother who is at school.

"Which," as a relative pronoun, is to be used only for animals or things. The right pronoun to use for persons is "who (whose, whom)."

### ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: Frannie, tell the class what book you read and what you thought of it.

Frannie: I read the phone book, but I didn't understand it. It had too many characters.

***

ሚሪ ማና


### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ትንሱእ ፍስሃየ | ቤተልሄም ታደሰ

ሳምራዊት ሃብተ | ፍርቱና ኤፍሬም

ቅሳነት ተወልደ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ሰባት፡ ሰብ ዝፈጥር ዛንታታት ይሰርሑ፣ ወይ'ውን ዛንታታት፡ ዛንታታት ዝፈጥሩ ሰብ ይሰርሑ

- Chinua Achebe

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ቂሓ-ጽልሚ

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ኣብ ዓረብያ፡ ዋጋ 1.2 ሚልዮን ፓውንድ ኮኬይን ተረኺቡ

ኣብ'ዚ ሃገራት ንዝዩ ሕጋዊ ምስግጋር ዕጹዋርስን ሓሽሽን ንምግታእ ዝዀብራኦ ዘለዋ ወፍሪ፡ ብዙሓት ንምእማኖም ዘጸግሙ ፍጻሜታት ክኸስቱ ከምዝኽእሉ ጸብጻባት የመልክቱ እዮም። ብፍላይ ካብ ንግዲ ናይ'ዚ ተረባሕቲ ዝኾኑ ወገናት፡ ናብ'ቶም ጉዳይ ናይ'ቲ ኣደንዛዚ መድሃኒት ኮይኖም ዘለዉ ዓማዊሎም ንምብጻሕ፡ ፍልይ ዝበለ ማስርሒ ክጥቀሙ ከምዝረኣዩ እውን ይግለጽ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንክሎ እዩ እምበኣር፡ ኣብ ኢጣልያ ካብ ትጸቢት ኣኽብርቲ ጸጥታን ተቖጻጻርቲ ኣካላትን ወጺኡ፡ ዋጋ 1.2 ሚልዮን ፓውንድ ዘይሕጋዊ ዕጹዋርስ ኣብ ዊልቼር (ዓረብያ ስንኩላን) ክርከብ ክኢሉ ዘሎ። እቲ ኮኬይን ምኻኑ ዝተረጋገጸ ሓሽሽ፡ ኣብ ከተማ ሚላን ኣብ ዝርከብ ማዕርፎ ነፈርቲ ዝተረኽበ እዩ።

ፖሊስ ኑቶም ናብ'ታ ሃገር ዝኣትዉ ጊያሾ ሓፈሻዊ ተፍትሽ ኣብ ዘካይዱሉ ዝነበሩ ግዜ፡ ብዙሓት ተመሳሳሊ ዓቐንን ቅርጽን ዘለዎም ባልጃታት ዝያዳ ንኣቓልቦኦም ከምዝሰሓቡ ተሓቢሩ። እንተኾነ ዋላ እኳ ጽዑቕ ተፍትሽ እንተኣካየዱ ዝረኸቡዎ ነገር ከምዘየለ እዮም ክድምድሙ ክኢሎም።



"ክልቢ፡ ኣብ ጸጥታውን ስለያውን ንጥፈታት ዘለዎ ኣበርክቶ ልዑል ምኻኑ ዘመስከረ - ኣብ ብዙሓት ወተሃደራውያንን ሲቪላውያንን ስርሒታት ብምስታፍ ዕወት ንጥፈታት ዘሰላሰለ እንስሳ እዩ" ዝበለ እቲ ምንጪ፡ እዚ ናይ ኢጣልያ ወፍሪ 'ውን ሓደ ኣካል ናይቲ ብስርሒት ኣኽሎቡት ዝተረኽበ ዕወት ስርሒት ምኻኑ ይገልጽ።

ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ፖሊስ ንኹሉ ባልጃታት ፈቲሾም ኣብ ዝወድኡሉ ግዜ፡ ናብቲ ንስንኩላን ተባሂለን ዝኣተዋ ዊልቼር እዩ ኣተኩሩ። ኣብ'ዚ 'ውን እንተኾነ ዝጥቀስ ወጽኢት ከይተረኽቦ ምሕላፉ ዘረድአ ፖሊስ፡ ንኹነታት ዝቐየር ፍጻሜ ክኸስት ግና - ግዜ ክወስድ ከምዘይከኣለ ይሕብር። ተፍትሽ ውዱእ'ዎ ናብ ካልእ ስራሓም ዝተበገሱ ኣባላት ፖሊስ፡ ሓንቲ ዊልቼር ኣቓልቦኦም ዝስሕብ ምንቅስቓስ ናይ ኣኽሎቡት ከተኣንግድ ክስተብህሉ ከምዝኸኣሉ የረድኡ። "በቲ ጨና ዝተሳሕቡ ኣኽሎቡት ስርሓም ኣይገደፉን። እንታይነት ናይ'ቲ ዘጨንቖም ዝበረ ነገር ንምፍላጥ ቀራቢና ኣብ ዝተዓዘብናሉ ድማ፡ ብስቱር ተሓቢኡ ዝተቐመጠ ልዕሊ 13 ኪሎ ግራም ዝኽበደቱ ኮኬን ረኺብና" ይብል ሓለቓ ናይ'ቶም ኣብ'ቲ ስርሒት ዝተዋፈሩ ፖሊስ።

ድሕሪ'ዚ ፖሊስ፡ ንዋና እታ ንብረት ብቐጽበት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እዮም ኣእትዮምዋ። ዋና እዛ ዊልቼር ቅድሚ ሕጂ ብርክት ዝበለ ተመሳሳሊ ንብረት ከእቱ ዝጸንሐ ምኻኑ ዘመልከተ እቲ ሓበሬታ፡ ብትርኢቱ ስንኩል ማሳሉ ከዋሳኢ እውን ምኽኣሉ፡ ኣብርእሲ'ቲ ናይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር መድሃኒት፡ ብኣካላዊ ምድንጋር እውን ክኽሰስ ከምዝኽእል ኣፍሊጡ።

## ምስሊ ኣባጊዕ ዝተላበሳ ማናቲል ንዋናኣን የደናግራ

ኣብ መፍረ እንስሳታት መናቲል ዝጥፍ ኒውዚላንዳዊ ሓረስታይ፡ ብርቱዕ ዝናብ ድሕሪ ምህራሙ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣስተውዒሉሉ ከምዘይፈልጥ ዝበለጸን ኣጠቢ ምስ ተዓዘበ፡ ብሓበራዊ ጥምረተን ብምምሳጡ - ካምራሉ ኣዋዲዱ ክስእለን እዩ ፈቲኑ። እተን ኣጠበ እምበር ካልኦት ዓይነት እንስሳ ክኾና ፍጹም ግምት ዘይህበሮ እዚ ወዲ 64 ዓመት ዝኾነ 'ፈርግ ሆርን' ግና - ኣብ መውዳእታኡ፡ ንምእማኑ ዘጸግም ኩነት እዩ ኣብ ገጽ ካሜራኡ ተዓዚቡ። ንሱ ብዛዕባ'ዚ፡ "ብርቱዕ ማይ ስለዝዘረመ ቁራቝሪ ዘብል ስምዒት ነይሩ እዩ። ብመጉልሕ ካሜራይ እንታይነተን ብንጹር ክፈልጥ/ ከለሊ ኣብ ዝፈተንኩሉ እዋን፡ እተን ቁሪ ዝመንቀለኦ ጠንቂ ከምዝተኣኻኸባ ዝገመትክወን ኣጠበ፡ ካልእ እንስሳ ኮይነን ብምጅንሐን ከይገረመኒ ኣይተረፈን። እቲ ኣዝዩ ዘደንጽወኒ - እተን ብናይ ባዕሊይ ኣላይነት ዝውሃና ማናቲል ምኻነን እዩ።" ብምባል እዩ ነዚ ፍጻሜ ከዘንቱ ዝጀመረ።

ንሱ ወሲኹ፡ እተን ብምስሊ ኣጠበ ኣብ ዝተሰርሐ ጸምሪ ብምእታው ተኣኪበን ዝረኸበን ማናቲል፡ ነቲ ዝናብ ዝመጣበሱ ውሑጅ ክጸወራኦ ብዘይ ምኽኣለን፡ ብኸቢድ ንፋስ ተጸፊዐን ካብ መጎሰዩ ሰፍራኣን ክርሕቃ ከምዝተገደዳ የረድእ። "ሆርን፡ መንነት እተን ማናቲል ድሕሪ ምርግጋጹ ሰድራቤቱ ነቲ ተርእዮ ብዕላል ጥራይ ክኣምኑዎ ከምዘይክእሉ ስለዝተገንዘበ እዩ - ነቲ ፍጻሜ ብካሜራኡ ደጊሙ ሰኒዱዎ" ትብል እታ ምንጪ።

"ብዝተኣከበኦ ክኡብራ ዝኾባኦ ማናቲል እየን። ብልክዑ በቲ ዝናብ ኣዝየን ጠልቀይን እየን ጸኒሐን። ብኸመይ ኣገዙብ ኣብ ምስሊ'ቲ ኣጠበ ዝበሮ ክኣውንቲ ከምዝኣተዋ ግና ሓርቢቱኒ ኣሎ። ምናልባት ግን ካብ ብርቱዕ ቁሪ ንምክልኻል ብወዝቢ እናጸሓተራ ናብቲ ጸምሪ ክኣትዋ ይኽእል እየን" ዝበለ ሆርን፡ ተምሳል ጸምሪ ናይ ኣጠበ ኣብ'ቲ ከባቢ ክርከብ ዝኽእል፡ ካብ መፍረ ማናቲል ናይ ኣስታት 500 ሜትሮ ርሕቐትም ናይ ዝበሩ መፍረ ኣጠበ ዘለምም ሓረስቶት - ብንፋስ ተወሲዱ ናብ'ቲ ከባቢ ዝመጽአ ክኸውን ከምዝኽእል ግምቱ ሂቡ።



## እንታይ ይበሃል ደኣ እዚ ደቀይ?

1. ባዕልኻ ዘዕበኻዮ ቆልዓ ንኽልተ ዓመት ኣብ ወጻኢ ሃገር ጸኒሑ ምስ ተመልሰ "ኦውውው ሹት. . . ኀቢዝካ!! ኩብለኻ እንክሎ።" ምስ ምንታይ ይቐጸር?

2. ተሃዊኽካ ዝተሰቐልካዮ ኣውቶቡስ ብሰንኪ ሰረቕቲ ናብ መደበር ፖሊስ ክትኣቱ እንከሎኻ ኣየሐርቐካን'ዶ?

3. "ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ሳላ ገንዘብ እንታይ ዘይግበር" ዝመግለጺኡ ጽሑፍ፡ ብ11 ሓምለ 2023 ተዘርጊሑ ነይሩ። ሃብታማት ብዕድመ ንኣሽቱ ምስ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ዝዀብርዎ ዘለዉ ናይ ሰብን ገንዘበን መውሰቦ፡ እንታይነት መውሰቦ ማዕረ ክንደይ ተቐይሩ ከምዘሎ ንምርዳእ ዝቐለለ ኩነት ኮይኑ ኣሎ" ክብል ድማ ይውስኽ። ኣብ ትሕዝቶ'ቲ ጽሑፍ ኣጻቢቕካ ምስ እተተኩር፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ከባቢና'ውን ኮነ "ዝኣኽለት ጓልካ ንዝበኣ ሃባ" ካብ ዝመጣበሱ ዝተጓሕፈ ኣበሃህላ ኾይሎም - ብዙሓት ወለዲ ንንእሽቶ ጓሎም ብዕድመ ፈጺሙ ምስ ዘይሳኒያ ሰብኣይ ምምርዓው ዘጠቓለለ ብምዃኑ፡ ዝያዳ ሕማቕ ጉድኑ ጕሊሑ ይረኣየና።

እዚ ዋላ እኳ ማሰፍናዊ ባህሊ ሰረት ዝነበረ መውሰቦ እዩ እንተተባህለ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ምሉእ ብምሉእ ንባህሊ ዝጻረር ተርእዮ እዩ። ገለ ካብ'ዚኣም ድማ፡ እቲ ጽሑፍ ደቂ-ኣንስትዮ ንባዕለን ኮነ ኣርእስቲ ናብ ረብሓኣን ንምቕያር ዕላማ ዝነበረ - ሓደ ምንቅስቓስ ከይካኣ ኣይተረፍን ዝበሉ ወገናት ኣይተሳእኑን። 'ገንዘብ ጥራይ ይሃልዎ እምበር፡ ዋላ ንምንታይ በጡባጥ ዘይከይድ' ዝብል ዘመናዊ ጭርሖ ከልዕላ ዝደረኸን ኩነታት በጺሐን ከምዘለዋ ንኹሉ ዝሰውሮ ተርእዮ ከምዘይኮነ ዝማጉቱ ኣካላት ኣለዉ እዮም። ሓደ ካብኡ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ኣብ በይሩት ዝተፈጸመ መርዓ ጓል 12 ዓመትን 74 ዝዕድሚኡ ሰብኣይን ህያው ኣብነት እዩ።

## ቀዳሞት ፊደላት ኣስማት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ምስ ባህሪያት ወነንቱ እንክዛመድ

ሬደርስ ዳይጀስት ኣብ ናይ 1984 ሕታሙ፡ ኣስማት ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ፊልምቲ ፊደላት ኣተኣሳሲሩ ሓደ ትሕዝቶ ኣስፊሩ ነይሩ። ኣብ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ጽሑፍ፡ ቀዳሞት ፊደላት ኣስማት ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ባህሪኣን ቀጥታዊ ዝምድና ከምዝለዎ ተጠቒሱ ዘሎ። ኣብቲ ሻቡ ግዜ፡ ዋላ እኳ ዝጠዙሓ ማዕከናት ዜና ዓለም ከም መዛናግዒ ጠሚተን ከቕርባኦ እንተፈተና፡ ኣብ ዝቐጸለ ግዜ ግና - ብእንታይነት እቲ ነገር ክጠራጠራን ክመራመራሉን ከምዝተገደዳ እዩ ዝሕበር። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ዝቐረበ ትሕዝቶ ኣብ ገለን ብልክዕ ንክውንነት ዝገልጽ ምስ ቀጥታዊ ባህሪ ደቂ-ኣንስትዮ ተዛሚደንት ክህልዎ እንክሎ፡ ኣብ ገሊኡ ግና - ከም ክውንነቱ ዝሰሓተ ኮይኑ እዩ ተገምጊሙ። በዚ ኮይኑ በቲ ጉዱ እቶም ፊደላትን ዝርዝራዊ ባህሪያቶምን ነዚ ዝስዕብ ይመስሉ።

ኣብ ከባቢና ምስ ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ እናኣዋደደርና ልክዕነቱ ክንፍትኖ፡ ወጽኢቱ ክሳብ ክንደይ ኣድማዒ/ሓቂ ኮይኑ ደርኩብ ምምዃም ከኽእለና እምበኣር፡ ናባኹም ነብሎ ኣሎና።

### ረ - ሮ

ኣስማት ደቂ-ኣንስትዮ በዚ ፊደል እዚ ምስ ዝጀምር - ንሳ እንታይ ከምእትደሊ ኣረጋጊጻ እትፈልጥ ሰብ እያ። ሕልምታታ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ከምዝዝውድ ጸኒዑ እምነት ዘለዋ ዓይነት ሰብ ኮይና፡ ፍጹም ተስፋ ዘይትቖርጽ እያ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ሓቀኛ ሓገስ ክትረኽቦ ዘጸምግን ዝበደሃን ኩነት ዘሎ ኮይኑ ስለዘይስመዓ።

### ሰ - ሶ

ኣብ ቀዳሞት ፊደላት ስሞ ካብ ሰ ክሳብ ሶ ዘለዉ ፊደላት ዝጸምበረት ጓል እንተኾይና፡ ተኣፋፊትን ጸዋግን ባህሪ ዘለዋ ሰብ እያ። ስምዒታታን ፍቕራዊ ኩነታታን ናይ ዘይምንጽብራቕ ባህሪ እውን ዘለዋ እያ። ወትሩ ከመይ ከምዘሎ ዝኾነ ሰብ ሃንደራእ ኢሉ ክፈልጣ ይኸውን ክርደአ ኣሸጋሪት ብምኻና፡ ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዜን ምስ ሰባት ዘለዋ ዝምድና ድኑት እዩ። ሸሕ ግዜ ዕቱብ ተበግሶ ወሰደካ ከተጸግዎ ፈቲንካ ዕድል እትህበካ ዓይነት ጓል-ኣንስተይቲ ኣይኮነትን።

### ሸ - ሾ

በዘን ፊደላት ዝጀምር ስም ዘለዋ ጓል፡ ወትሩ ብዓልቲ ተረር ጠባይን ተቖጻጻሪትን ኑቡኖን ቀረብታን እያ። ብዘውሰኽ፡ ማራኺ ጠባይ ዘለዋ ኣብ ርእሲ ምኻና፡ ብዙሓት ፈተውትን ደለይቲን ኣለውዋ። ብዚይካ'ዚ፡ ካብ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ቅርበታ ምስ ደቂ-ተባዕትዮ ብምኻኑ፡ ብኣንስታዊ ማራኽነታን ሰሓብነታን ዝያዳ ካልኦት ደቂ-ኣንስትዮ ብልጫ ኣለዋ።

### ጸ - ጾ

ካብ ጸ ክሳብ ጾ ፊደላት ዝመጀመርኡ ኣስማት ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ኩሉ ሰጋእ መጋእ በዝሒ፡ ምስ ከበኣን ዝተኣሳሰራ ብምኻነን ጸምዋ ዝበሀጋ ሰባት እየን። ዋላ'ኳ ብትዕቢት ክንዓዛ ኩበላ ንክውንነት ሽለል ኢለን ዝሓልፋ እንተኾነ፡ ንስራሕ ብትግሃት ዝጠኞሳ ብምኻነን ካብቲ ዝበለጸ ባህሪኣን ሓደ እዩ። ኣብ ነገራት ብዘለወን ዕተባኑት ዝመባኸሲኡ ከኣ ንዙሓሊፈ ኩነታትን ፍጻሜታትን ከጸርያ ባህ ይብለን። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ባህሪኣን ግና፡ ቀልጢፈን ዝመንዋ ምኻነን እዩ።

### ዘ - ዞ

ብፊደላት ዘ ክሳብ ዞ ዝጀምር ኣስማት ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ደፋራት - ግና ከኣ ርህሩሃት እየን። ግዜን ኩነታትን ዘይቅይረን ጽኑዓት ብምኻነን እውን ብብዙሓት ሰባት እምነት ክሕደረለን ካብ ዝረኣየ ብሉጽ ባህሪ ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮ ተባሂለን ክጽወዓ ይስመዓ። እንተኾነ ግና፡ ኣብ ገሌ-ገለ እዋናት ኣዝየን ጨካናትን ተናደፍትን ዝኾናሉ ግዜን ኩነታትን ከምዘሎ፡ ክዘንጋዕ ዘይብሉ ባህሪኣን እዩ። እዚ ከኣ ምስ ኩነታትን ክውንነትን እቲ ዝነበራሉ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ንከበኣን ከኣ ብፍላይ መሳለን ናይ ምኻድ ባህሪ ኣለወን።

እቲ ብመሰረት ንሬደርስ ዳይጀስት - ናይ 1984 ምርኩስ ብምግባር ዝረኸብናዮ ሓበሬታ በዚ ኣይተዛዘመን። ኣብ ዝቕጽል፡ ናይ ዝተረፉ ካልኦት ኣብ ዝርዝር ኣትየን ዘለዋ ፊደላት ጠቒስና - ክንፍለጠኩም ኢና። (ደ, ጠ, ጀ,) በዚ መሰረት፡ ግምታትኩም ምስ ጸብጻብ ሬደርስ ዳይጀስት ብምንጻጻር፡ ሓሳባትኩም ከመይ ከኸውን እዩ ናባኹም ንገድፎ።

# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ምስጢር ጥዑይ ጸጉሪ

ጸጉሪ ኣካል መልክዕ ብምዃኑ፡ ብጸጉሩ ዘይግደስ ሰብ ዳርጋ የለን። ብፍላይ ድማ ብጸጉራ ዘይትግደስን ዘይትከናኸንን ጓል ኣንስተይቲ ዳርጋ የላን። ጸጉሪ ምስ መልክዕን ስሉቦትን ዝተተሓሓዘ ከም ምዃኑ መጠን ምኽንኻኑ ኣገዳሲ'ዩ። እዚም ዝስዕቡ ነጥብታት ድማ ጸጉርና ቀልጢፉ ንኽነውሕ፡ ረዚንን ብዙሕን ንኽኸውንን ይሕግዙ። ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምጥቃምና ግን፡ ዓይነት ጸጉርና ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ ንጸጉርና ዘይሰማማዕ ነገር ክንጥቀም ስለ እንኽእል።

ሓደ ሰሶ ካብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ድሕሪ ብተኸታታሊ ጽግዖት ብፍላይ ድማ ድሕሪ ሓሙሳ ዓመት ዕድመኣን ምርጋፍን ምርቃቕን ጸጉሪ የጋጥመን። ጸጉሪ ርእሲ ከም ዝወሓነ ዝሓጻርን'ምበር፡ ከም ዝዀብርን ዝረቕቕን ዘይንፈልጥ ሰባት ኣዚና ብዙሓት ኢና። ምኽንያቱ ከም'ቲ ምንዋሕን ምሕጻርን፡ ብዓይንና ጥራይ ቁሊሕ ኢልና እኣስተውዕለሉ ተርእዮ ኣይኮነን። ምርጋፍ ጸጉሪ ብዙሕ'ዩ ጠንቁ - ተወርሳዊ፡ ዋሕዲ መኣዝታት መግቢ፡ መቦጣሕቲ፡ ሕማማት ከም ሕማም ኩሊት፡ ሕማም ጸጉሪ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ብዘውኻኺ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ወጥርታት፡ ከም ፍትሕን ሽቅለት ኣልቦትን ጠንቂ ምርቃቕን ምስሓውን ጸጉሪ ርእሲ እዮም።



ጸላም ከብዲ ከም'ኡ'ውን ዝተፈላለዩ እንወስዶም መድሃኒታት ከም መከላኸሊ ጥንሲ፡ መድሃኒታት ጸቕጢ ደምን ሸኮርያን እውን ምኽንያት ምርቃቕን ምስሓውን ምዕርጫጭ ወይ ምስባር ጸጉሪ ብሰንኪ እንጥቀመሉ ኬሚካላት ክስዕቡ ዝኽእሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ገለ እዋናት ግን ምልክታት ጸገማት ጥዕና ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ገለ ኣብኡት ናይ'ዚም ጥዕናዊ ጸገማት ከኣ፡ ኩሺን (Cushing's Syndrome) ዝበሃል ምልክት ሕማም፡ ምምዛቡል ናይ ኣድረናል ጸክታት ኩይሉ ልዕሊ ዓቐን ኮርቲሶል ዝበሃል ሆርሞን ዘፍሪ እዩ። እዚ ተርእዮ'ዚ መብዛሕትኡ ግዜ ብዘውርሶ ዝመጽእ ወይ ኣብ ግዜ መቦጣሕቲ ርእሲ ወይ ክሳድ ብዘጋጥም መጉዳእቲ ፓራታይሮይድ ጸክታት እዩ ዝኽሰት።

ንዘይምጥዓይ ጸጉሪ ፍታሕ ክኾኑ ዝኽእሉ ነጥብታት ንምጥቃስ፡

• ጸጉሪ ርእስና ክረግፍ ወይ ክበርሕ እንተደኣ ጀሚሩ፡ ኣብ ኣካላትና ለውጢ ጾታዊ ሆርሞናት ኣጋጢሙ ኣሎ ማለት እዩ። እንተኾነ ግን ካልኦት ጥዕናዊ ጸገማት'ውን ንሆርሞናትና ብዝተፈላለየ ኣገባብ ጸልዮም ምኽንያት ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ ናብ ሕክምና ምኻድ ኣድላዪ እዩ።

• መግቢ ንኣካላትና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኣካላትና ኩይናም ጸጉርን ጸፍርን ዘፍርዩ ዋህዮታት ኣብ ምህናጽ እውን ዓቢ ተራ ኣለዎ። ስለ'ዚ ጸጉርና ቀልጢፉ ቁመት ክወስኽን ረዚን ክኸውንን ምስ እንደሊ ምዕሩይ ዝኾነ ኣመጋግባ ክንክተል ዘለና'ዩ - ፍሩታ፡ ኣሕምልቲ፡ ስጋን ጥረታትን - ከም ባልደንጓ - ማዕድናትን ዘለዎም መግብታት ካብ'ቶም ኣብ ጥዕና ጸጉርና ዓቢ ግደ ዘለዎም መግብታት እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ እንምገቦ ሰዓታት ሰሩዕ ምስ ዝኸውን ዝያዳ ወጽኢታዊ'ዩ። ዕበየት ጸጉርና ኣብ'ቶም ኣብ ውሽጥና ዝርከቡ ፕሮቲናት ዝምርኮስ ከም ምዃኑ መጠን ካብ ብደገ ብኮስምቲካት ጥራይ ምሕጻብ፡ ኣመጋግብና ከመሓይሽ ይግባእ። እዚም ካብ ዝተፈላለየ መግብታት እንረኽቦም ፕሮቲናት'ውን ጽቡቕ ጸጉሪ ንኽነውንን ይሕግዙና'ዮም።

• ኣብ ጸጉርና ቀሩብ ቅብኣት ብምልካይ ንቖርበት ርእስና ኣፍኵስ ኣቢልና ንድረዝ፡ ርእስና ምድራዝ ጽቡቕ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ርእስና ዝርከብ ደም እውን ዑደቱ ብግቡእ ንኽዝውር ይሕግዞ። ብዘይካ'ዚ እቲ ቅብኣት ኣብ ርእስና ምስ ተሰትየ ነቲ ሱር ናይ ጸጉሪ የትርርን ልስሉስ ጸጉሪ ከበቁል ይሕግዞ። ትሕዝቶ ኮኮናት ዘለዎም ቅብኣታት ምጥቃም ዝበለጸ'ዩ። ምኽንያቱ ትሕዝቶ ቫይታሚናትን ዝተፈላለዩ ማዕድናትን ስለ ዘለዎ ንጸጉርና ቀልጢፉ ንኽበቁል ይሕግዝ።

• ነቲ ሕማቕ ጸጉርና ብሰሩዕ ንቖርጾ ወይ ንቐምቅሞ። ጸጉርና ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ጫፍ-ጫፉ ንቖርጾ። እዚ ጸጉርና ተመዓራርዩ ንኽበቁል ይሕግዞ'ዩ። ዝተበላሸወ ጸጉሪ ወይ ብዙሕ ጨንፈር ዘለዎ ጸጉሪ ብዘለዎ እንተነዊሑ፡ እናተመቓቐለ ይረቅቕ። ጸጉርና ብግቡእ ምስ እንቖርጾ ግን፡ ነቲ ብዙሕ ኣፍ ዘወጽኡ ክፋላት ናይ ጸጉርና ነመዓራርዮም፡ ማዕረ ኩይናም ንኽበቖሉ ንሕግዞም። ምቝራጽ ጸጉሪ ጽቡቕ እኳ እንተኾነ ክበዝሕ ግን የብሉን።

• ጸጉርና ቀጻሊ ኣይንሕጸቦ። ወላ'ኳ ጽሬት ንጸጉርና ኣገዳሲ እንተኾነ ቀጻሊ ጸጉርና ምሕጻብ ግን ብኣንጻሩ ንምንዋሕ ዓንቃፊ'ዩ። እቲ ምሕጻብ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ክዛይድ ይኽእል። እንተ ተረኺቡ ቅድሚ ምሕጻብና፡ ንገለ ሰዓታት ልኻዩ ዕረ እንተ ገርናሉ'ውን ዝበለጸ'ዩ።

• ቀጻሊ ብሻምፑ ምሕጻብ ንጸጉርና ኣድራቒ ነቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ቅብኣት ከም ዝጠፍእ ይገብሮ። እቲ ኣብ ጸጉርና ዝርከብ ቅብኣት ካብ ሱር ጸጉርና ኣትሒዙ ክሳብ ጫፍ ጸጉርና እዩ ዝጽሕ። ስለ'ዚ እንጥቀመሉ ሻምፑ ብዙሖይኡ ክንፈልጦ ዘለና'ዩ።

## ትፈልጡ ዶ?

- እታ እኽ ለመምቲ ዘይብላ ኣህጉር ኣንታርክቲካ እያ።
- ኩባንያ ኣፕል ኣብ መላእ ዓለም ልዕሊ 115 ሽሕ ሰራሕተኛታት ኣለውዋ።
- ኣብ ቻይና ልዕሊ 4 ሽሕ ህጻናት "ጸወታ ኦሎምፒክ" ዝብል ስም ኣለዎም።
- ኣብ ዓመት ዝበዝሐ ማንጎ እተፍሪ ሃገር፡ ሃገረ ህንዲ እያ። ልዕሊ 12 ሚልዮን ቶን ማንጎ ተፍሪ።
- ሓንቲ መኪና ብጠቕላላ 30 ሽሕ ኣካላት ኣለዋ።
- ኣብ ጥንታዊት ግብጺ፡ ድሙ ምቕታል ብሞት የቕጽዕ ነይሩ።
- ሳሬት ነቲ ትቕመጠሉ ዓለባ ከተሐድሶ ምስ እትደሊ፡ ነቲ ዘሎ በሊዓ ካልእ ሓድሽ ትሰርሕ።
- ዳግማዊት ንግስቲ ኤልሳቤጥ፡ እታ ዝበዝሐ - ሰእላ ኣብ ባጤራ ዝተሓተመ ሰብ እያ። በዚ ድማ፡ ስማ ኣብ ክብረ-ወሰን ሰፊሩ ይርከብ። ሰእላ ኣብ ልዕሊ 30 ዝተፈላለዩ ባጤራታት ኣሎ።
- ኣብ ዓለም እቲ ዝነውሐ ዕድመ ዝነበረ ከልቢ፡ ኣብ መበል 29 ዓመቱ ሞይቱ።
- ላይተር (መወልዒ ሽጋራ) ቅድሚ ክርቢት እዩ ተማሂዙ።

## ማራቶን

ኣብ 490 ቅ.ል.ክ ኣብ መንጎ ኣቴና (ግሪኽ)ን ፋርስ (ፐርሺያ)ን ኣብ ማራቶን ዝበሃል ቦታ ውግእ ተኻየደ። "ውግእ ማራቶን" ድማ ይበሃል። ኣብቲ ውግእ ኣቴና ድሕሪ ምስዓሮም፡ ነቲ ናይ ዓወት ብስራት ከበስር ፊዲፒደስ እተባህለ ኣባል ሰራዊት ናብ ኣቴና ተላእከ። ርሕቀት ኣቴና ካብ ቦታ ውግእ ኣስታት 42 ኪ.ሜ እዩ።

ፊዲፒደስ መልእኽቱ ሒዙ ጉያኡ ከየቋረጸ ብዘይ ዕረፍቲ ድሕሪ ሰለስተ ሰዓት ኣቴና በጽሐ። ኣብቲ እኩብ ህዝቢ "ተዓዊትና" ኢሉ ድሕሪ ምንጋሩ ድማ ብድኻም ኣብ ቅድሚኦም ህይወቱ ሓለፈት። ብድሕሪ'ዚ እዩ ቅድድም 42 ኪ.ሜ ጉያ ማራቶን ዝተባህለ።

ናይ መጀመርታ ጉያ ኦሎምፒክ ኣብ 1896 እዩ ተኻዪዱ። ስፓይሪዶን ሉዊስ ዝተባህለ ግሪኻዊ ጉያኡ ብኸባቢ ሰለስተ ሰዓት ብምዝዛም ተዓዊቱሉ። እቲ ጉያ ካብ ጎላጉል ማራቶን ተበጊሱ ኣብ ስታድዩም ኦሎምፒክ ዝውዳእ እዩ ዝነበረ።

ኣብቲ መጀመርታ እቲ ርሕቀት 40 ኪ.ሜ እኳ እንተነበረ፡ ጸኒሑም ግና ናብ ኣጀማምራ ጉያ ማራቶን 42.195 ኪ.ሜ ክብ ኣበሉዎ። ክሳብ ሕጂ ድማ ከም'ኡ ይቕጽል ኣሎ።

ኣብቲ መጀመርታ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ጉያ ማራቶን ክሳተፋ ፍቑድ ኣይነበረን። እንተኾነ እዚ ሕጊ ምሉእ ብምሉእ ካብ ምስታፍ ክኽልክለን ኣይከኣለን። ኣብ 1966 ሮበርታ ጊብ ዝተባህለት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ብድሕሪ ቆጥቋጥ ተሓቢኣ ጸኒሓ ማዕረ እቶም ኣብ ውድድር ዝተሳተፉ ደቂ ተባዕትዮ ጉያኣ ብምጅማር፡ ብሰለስተ ሰዓትን 21 ደቒቕን ዛዚሞቶ።

ድሕሪ ሮበርታ ሸውዓተ ዓመት ጸኒሑ ድማ፡ ናይ መጀመርታ ውድድር ማራቶን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ጀርመን ተኻየደ።




## ኣደነቕቲ ቦታታት ዓለም



ዝጸፍሐት ሃገር፡ ናብ በረኽ ቦታ ምጉዓዝ ትጸልእ እንተ ኾንካ፡ ቦሊቭያ ዝበለጸት ሃገር እያ። "ጸፋሕ ሃገር" ብዝብል ቅጽል ስም እትፍለጥ ቦሊቭያ፡ ብዙሕ ኩርባታት ይኹን በረኽ ቦታ ዘይብላ ሃገር እያ።

ዝዓበየት ሃገር፡ ሩስያ ካብ ዓለም ዝዓበየት ሃገር ምዃና ዘይፈልጥ ይህሉዶ ይኾውን? እቲ ዘርም ግና፡ እዚ ኣይኮነን። እዛ ሃገር ምስ 16 ሃገራት ከም እትዳወብ ትፈልጡዶ? ምስ ኖርወይ፡ ፊንላንድ፡ ኢስቶንያ፡ ላትቭያ፡ ሊትዌንያ፡ ፖላንድ፡ ጃፓን፡ ቤላሩስ፡ ዩክረይን፡ ጆርጅያ፡ ኣዘርባጃን፡ ካዛኪስታን፡ ቻይና፡ ኣመሪካ፡ ሞንጎልያን ሰሜን ኮርያን ትዳወብ።

ዝበዝሐ ፒራሚድ ዘለዋ ሃገር፡ ፒራሚድ ዝብል ስም ክለዓል ከሎ፡ መጀመርታ ኣብ ርእስና ትመጽእ ሃገር ግብጺ እያ። ንዘበዝሕትና እውን ኣብ ዓለም ዝበዝሐ ሃረምት ዘለዋ ሃገር ግብጺ ትመስለና ትኸውን። እቲ ሓቂ ግና ከም'ኡ ኣይኮነን። እታ ዝበዝሐ ሃረምት እትውንን ሃገር ሱዳን እያ። ኣብ ከተማ ኑብያ - ሱዳን 255 ሃረምት ኣሎ። ክንዲ ክልተ ዕጽፊ ሃረምት ግብጺ ማለት እዩ። ፈርኦናት ግብጺ ናብ ሱዳን ምስ ተሰደዱ ዝሰርሕዎ ምዃኑ ድማ ይፍለጥ። እንተኾነ ሃረምት ሱዳን ከም ናይ ግብጺ ብዙሕ ኣፍልጦ ዘይተዋህቦም እዮም።

ዝበዝሐ ቀጽሪ በጻሕቲ እተአንግድ ሃገር፡ ኣብ ዓመት 89 ሚልዮን በጻሕቲ ናብ ፈረንሳ ይውሕዙ። ዝለዓለ ዝኽሪ ጥዑም ፍቕራዊ ዛንታታ እትውንን ፈረንሳ፡ ካብ ዓለም ዝበዝሐ በጻሕቲ እተአንግድ ሃገር እያ።

ዝጸዓቐ ህዝቢ ዝቕመጣ ደሴት፡ ሰፍሓት ደሴት ሳንታ ክሩዝ ክንዲ ክልተ መጻወቲ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ እዩ። እንተኾነ ምስ ሰፍሓታ ክርኣ ከሎ ዝጸዓቐ ህዝቢ ዝቕመጣ ደሴት እያ። ኣብዛ ንእሽቶይ ደሴት ኣርባዕተ ጎደናታትን 155 ገዛውትን ይርከቡ። 500 ህዝቢ'ውን ኣለዋ። መጽሄት 'ዘ ጋርድያን' እውን 'ካብ ዓለም እታ ዝበዝሐ ህዝቢ ኣብ ንእሽቶይ ቦታ ዝቕመጣ' ብምባል ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ሰሪዐዋ ይርከብ።

ዝበዝሓ ደሴታት ዘለዋ ሃገር፡ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዋ 221,800 ደሴታት፡ እተን ዝበዝሓ ኣብ ግዝኣት ሽወደን ዝርከባ እየን። ሓደ ሽሕ ካብ ደሴታት እታ ሃገር ድማ ተቐማጦ ከምዘለወን ይፍለጥ።

### ለሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:30 | ፊዮሪና |
| 10:10 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 13:45 | ቀስተ-ድሕኖት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 17:30 | ስርሒት ባርንቱ 1985 |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:40 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | Eritrea @ a glance 'Wedding Gowns in Eritrea' |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ) ዕለት 28/08/2023

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሃለው ደባይዋ |
| 15:30 | ፊልም |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት-ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ካብ ዞባታት፦ ካልኣይ ክፋል ብዛዕባ ክረምታዊ ማእቶት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ኢዳኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መጓሾ

# ጸረ-ባልዓትን ጎድናዊ ሳዕቤናቶምን



ኣቶ ኣብርሃለይ ሃይለሚካኤል

ግጉይ ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን መድሃኒት ጸረ-ባልዕ፡ ኣብ ጥዕና ሰባትን እንስሳታትን ዘስዕቦ ጉድኣት ከምኡ'ውን ብከላ መሬትን ማይን፡ ቀሊል ኣይኮነን። ነዚ ንምውጋድ ወይ ምጉዳል እምበኣር ንኣድላይነት ጸረ-ባልዓትን ጉድናዊ ሳዕቤናቶምን ኣመልኪቱ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጨንፈር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ቍጽጽር ሃብቲ ብቚሊ፡ ኣቶ ኣብርሃለይ ሃይለሚካኤል መብርሂ ሂቡና ኣሎ።

ጸረ-ባልዓት፡ ውጽኢት ቀመማት ኰይኖም፡ ባልዓት ኣትክልትን እንስሳታትን ንምጥፋእ ወይ ንምክልኻል ኣብ ፋብሪካታት ዝዳለዉ ዓይነታት መድሃኒት'ዮም። ባልዓት ስለዘወግዱ ኣብ ምስሳን ምህርቲ ብቚሊ ወሳኒ ተራን እጃምን ይጻወቱ። ጸረ-ባልዓት ኣብ ፋብሪካታት ብኽልተ ዓይነት ቀመማዊ ትሕዝቶ ተዳልዮም ይቐርቡ። ንጡፍ መርዛዊ ትሕዝቶን (ነቲ ባልዕ ዝቐትል ቀመም ናይቲ ጸረ-ባልዕ) መሓፍስቲ ወይ መማልእቲን (እቲ እንጥቀመሉ ጸረ-ባልዕ ንኽሓቅቕ ምስ ካልኦት ፈሰስቲን ኽወሃሃድን ንኽጣበቕን ዝሕግዝ) እዮም።

### ጥቕሚታት ጸረ-ባልዓት

ጸረ-ባልዓት ብኣፍልጦን ብጥንቃቐን እንተተጠቒምናሎም ኣብ ምክልኻልን ምጥፋእን ሕማማት ኣትክልቲ ዘበርክትዎ ኣገልግሎት ብዙሕ እዩ። ገለ ካብ ቀንዲ ጠቓምነቶም ንሕማማትን ብከላ መግብን ይከላኸሉ፣ ባልዓት ዘራእትን ኣትክልትን ብምጥፋእ ምህርቲ ከም ዝኽዕብት ይገብሩ።

### ጉድኣት ወይ ሳዕቤን ጸረ-ባልዓት

ጸረ-ባልዓት ብግቡእን ጥንቃቐን እንተ ዘይተጠቒምናሎም፡ ገሊኦም ሸውንሸው ዝጓድኡ ክኾኑ ከለዉ ገሊኣቶም ድማ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኣካላት ሰብ ወይ እንስሳ ብምጥቃዕ፡ ሕዱር ሕማም የስዕቡ። ብጸረ-ባልዕ ዝተጠቕዐ ሰብ ወይ ድማ እንስሳ፡ ቁጥዐ ቆርበት፡ ደቀቕቲ ቀያሕቲ ዕንፍሩር፡ ሕማም ርእሲ፡ ተምላስን ውጽኣትን፡ ምፍዛዝ፡ ድኻም፡ ምጥፋእ ሃለዋት፡ ተደጋጋሚ ረሃጽ፡ ምዕፋን ኣፍልቢ፡ ምስዓልን ቃንዛ ኣፍልብን፡ ቅርጸትን ውጽኣትን፡ ሰሓን ምንባዕን ኣዒንቲ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ምልክታት የርኢ። ስለዚ እዞም ተዘርዚሮም ዘለዉ ምልክታት ምስ እንዕዘብ ነቲ ዘጥቃዓና ጸረ-ባልዕ ዝምልከት ምሉእ ሓበሬታ ብምሓዝ ቀልጢፍና ናብ ሕክምና ክንከይድ ይግባእ።



ጸረ-ባልዓት ናብ ኣካላት ብዝተፈላለየ መገዲ ክኣትዉ ይኽእሉ።

- <u>ብምትንኻፍ፦</u> ብቈርበት ናብ ውሽጢ ኣካላት ሰብን እንስሳታትን ብምእታው
- <u>ብምስትንፋስ፦</u> ብኣፍ ወይ ብኣፍንጫ ብምእታው
- <u>ብምብላዕ ወይ ምስታይ</u>

ስለዚ ምጥቃም ጸረ-ባልዓት ከም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ምዃኑ ተገንዚብና፡ ኵሉ ግዜ ናብ ጸረ-ባልዕ ምቅላዕ ብዝተኻእለ መጠን ከነውሕድ ይግበኣና።

ሓረስቶት ወይ ተጠቀምቲ ጸር-ባልዕ ክጥቀሙ ብግዲ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ፡ ብዝተኻእለ መጠን እዞም ዝስዕቡ ጥንቃቐታት ብቕደም ተኸተል ክትግበሩ ይግባእ።

### ቅድሚ ምንጻግ ዝግበሩ ጥንቃቐታት

- ኣብ ቀረባኻ ዘሎ ክኢላ ምክልኻል ብቚሊ ወይ ሕርሻ ምውካስ
- ጸረ-ባልዕ ካብ ውሑስ ምንጪ ምዕዳግ፡ ዝኾነ መለለዪ ዘይተጻሕፎ ወይ ንጹር ሓበሬታ ዘይብሉ ጸረ-ባልዕ ዘይምግዛእን ዘይምጥቃምን
- ጸረ-ባልዕ ቅድሚ ምንጻግ ኣብ መትሓዚኡ ምሉእ ሓበሬታ ከም ዘለዎ ምርግጋጽ፡
- ዓቐን፡ ዝተሰርሓሉን ዘብቅዓሉን ግዜን ኣገባብ ኣጠቓቕማን ብግቡእ ምርዳእ
- መንጸጊ ጸረ-ባልዕ ጥዑይ ምዃኑ ምርግጋጽ
- ጸረ-ባልዕ ካብቲ ናይ መጀመርታ መትሓዚኡም ገምጢልካ ኣብ ካልእ መትሓዚ ከተቐምጦ ዘይምፍታን
- ጸረ-ባልዕ ካብ ዝብላዕ፡ ዝስተ፡ ቈልዑን እንስሳታትን ኣርሒቕካ ምቕማጥ

ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ዝነጽግ ሰብ ንቐመማዊ ትሕዝቶ መድሃኒት ዝተቓለዐ ስለዝኾነ ነዞም ዝስዕቡ ውልቃዊ ናይ ድሕነት መሳርሒታት ብቐጻምነት ክንጥቀም ይግባእ፦

- ማስኬራ ወይ ድማ ንገጽ ዝሽፍን ተመሳሳሊ ክዳን ምጥቃም
- ዝጥቀመሉ ጸረ-ባልዕ ደረቕ (ሓሩጭ) እንተድኣ ኾይኑ በኒኑ ናብ ቈርበት ከይትንክፍ መታን ሰብነት ብምሉእ ክዳን ምሽፋን
- ዝጥቀመሉ ጸረ-ባልዕ ፈሳሲ እንተኾይኑ ድማ ማይ ዘየሕልፍ ነዊሕ ግርምብያለ (ክዳን) ንምሉእ ሰብነት ምሽፋን
- ንምሉእ ኣእዳው ዝሽፍን ጓንቲ (ጐማ)፡ ንምሉእ ኣእጋርና ዝሽፍን ጐማ ጫማ (ስቲባሎኒ)፡ ንኣዒንቲ ዝከላኸል መነጽር ዓይኒን ምውዳይ

ምናልባት እዞም ዝተጠቕሱ ብቐረባ ክርከቡ ምስ ዘይክእሉ፡ ሓረስቶት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝሓሹ ኣማራጺታት መከላኸሊ ክጥቀሙ ይግባእ። ንኣብነት፦ ብፕላስቲክ እተሰርሐ በጃ-ኽዳን፡ ጓንቲ፡ ጃስማ፡ መነጽር-ዓይንን ቀቢዕን ምጥቃም ይክኣል። እዚኣቶም ግና ከም ናይ መወዳእታ ኣመራጺ ተባሂሎም ዝግበሩ እምበር፡ ዝተኣማምኑ ወይ ተካእቲ ከምዘይኰኑ ምግንዛብ የድሊ።

### ኣብ ግዜ ምንጻግ ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታት

- ጸረ-ባልዕ ክንነጽግ ከለና ነቲ ባልዕ ዘተኰረ ጥራይ ዘይኰነ እንተላይ ንኣከባቢ ኣብ ግምት ምእታው
- ምንጻግ ቅድሚ ምጅማርና ኣብ ከባቢ'ቲ እንነጽገሉ ቦታ ህጻናትን እንስሳታትን ከም ዘየለዉ ምርግጋጽ
- ኣንጻር ንፋስ ብምዃን ምንጻግ
- እቲ ዝንጸግ ጸረ-ባልዕ ብንፋስ በኒኑ ንዘይተደልየ ቦታ መታን ከይብክል ኣብ ብርቱዕ ንፋስን ምቐትን ዘለዎ ግዜ ዘይምንጻግ፡ ንግሆ ወይ ምሸት እንተኾነ ይምረጽ
- ብርቱዕ ንፋስን ተኽእሎ ምምጻእ ዝናብን እንተሎ ዘይምንጻግ
- ኣብ ግዜ ምንጻግ ብኣጻብዕትና ገጽና ዘይምትንካፍ
- ጸረ-ባልዕ ምስ ዘፈሰሰና ብቕልጡፍ ብማይን ሳሙናን ምሕጻብ
- ዝኾነ ምልክታት ናይ ምብካል ምስ ዘሰምዓና ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ምኻድ
- ብጸረ-ባልዕ ዝተበከለ ሰብ ኣካላቱ ብማይ ክሕጸብን ብብዝሒ ማይ ክሰትይን ከምኡ'ውን ናብ ክኢላ ሕክምና ክሳዕ ዝበጽሕ መሰረታውያን ረድኤት ክገብር ኣለዎ።

### ድሕሪ ምንጻግና ክግበሩ ዘለዎም ጥንቃቐታት

ጸረ-ባልዕ ሒዙ ዝጸንሐ ኣቕሓ ምስ ተወድአ ንዝኾነ መዓላ ማለት መትሓዚ ጸባ፡ ጠስሚ፡ ማይን ካልእን ክንጥቀመሉ የብልናን። ምኽንያቱ መርዛምነቶም ብማይ፡ ሊሊን ሳሙናን ካልኦት እተፈላለዩ መጻረይ ክሸይድ ስለዘይክእል። ስለዚ ዝተወድአ መትሓዚ ጸረ-ባልዕ ሰለስተ ግዜ ብማይን ሊሊን ሓጺብና፡ ናብቲ መንጸጊ ብምምላስ ኣብቲ ክንነጽገሉ ዝጸናሕና ቦታ ንነጽጎ። ድሕሪ ምሕጻብና፡ ነቲ መትሓዚ ብመስማር ኣንኩልና ኣብ ቀረባ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ነረክቦ።

መንጸጊ ጸረ-ባልዕ ኣገዳሲ መሳርሒ ኣብ ምክልኻል ባልዓት እዩ። ዘድሊ ግቡእ ኣገልግሎት ክህብ እንተኾይኑ ብጥንቃቐ ክንሕዞ ይግባእ። መንጸጊ ጸረ-ባልዕ ድሕሪ ምጥቃምና ኵሉ ግዜ ጽሩይ ማይን ሊሊን ጌርና ሰለስተ ግዜ ብምሕጻብ ኣብቲ ክንነጽገሉ ዝጸናሕና ቦታ ምንጻግ። ከምዚ ብምግባርና ነቶም ኣብ ውሽጢ ቱቦታት ዝርከቡ ጸረ-ባልዕ ነቒጾም ቱቦታት ከይባላሸዉ ይከላኸል። ኣጽሪና ምስ ወዳእና ኣብ ውሑስ ቦታ፡ ቈልዑ ኣብ ዘይረኽብዎ ክቐመጥ ኣለዎ። ብተወሳኺ ኣብ መኽዘን እኽልን መንበሪ ገዛን ካልኦት ዝብልዑን ዝሰተዩን ዘለዎም ከነቐምጦ የብልናን። ዝተነጽገ ቦታ እንተወሓደ ምስ መከላኸሊ ድሕነት እንተዘይኰይኑ እንተወሓደ ድሕሪ 48 ሰዓታት ክእቶ ይግባእ። ድሕሪ ምንጻግ ጸረ-ባልዕ ብቕልጡፍ መላእ ኣካላትና ብማይን ሳምናን ክንሕጸብ ይግባእ። ኣካላትና ኣብ ቀላያትን ዋሓዚ ማያትን ክንሕጸብ ኣይግባእን።

### ትሕዝቶ መርዛምነት ጸረ-ባልዕ ዝጸንሓሉ ግዜ (Pre harvesting interval) ምልላይ

ድሕሪ ምንጻግና ጸረ-ባልዕ ትሕዝቶ መርዛምነት ከየጥፍአ ዝጸንሓሉ ግዜ ምልላይ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ጸረ-ባልዕ ዝተነጽገሎም ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ዘራእትን መግቢ እንስሳን፣ ትሕዝቶ መርዛምነት ናይቲ ጸረ-ባልዕ ከይወድአ ኣብ መግቢ ወዲ-ሰብ ይኹን እንስሳ ምስ ዝውዕል፡ ክምርዝ ዓቢ ተኽእሎ ስለዘለዎ፡ ንጥዕና ኣሰካፊ እዩ። ድሕሪ ጸረ-ባልዕ ምንጻግና ከይተበልዐ ክጸንሕ ዘለዎ ግዜ (safety period) ብግቡእ ክሕሎ ኣለዎ። እንተወሓደ ን14 መዓልታት ምህርቲ ከይተሓፍሰ ክጸንሕ ይግባእ።

### ዘይውሑስ ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዕን ሳዕቤናቶምን

ዘይውሑስ ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዓት ኣብ ግዜ ምምጻእ፡ ምኽዛን፡ ምዝርጋሕ፡ ምንጻግ፡ ምጉሓፍ ጥርሑ መትሓዚታት ጸረ-ባልዕ፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነታት መትሓዝን ንብረትን ምንጻግ፡ ኣብ ሕብረተ ሰብና ብብዝሒ ይርአ እዩ። ንኣብነት ብጀሪካን፡ ቈጽሊ፡ ብዝፈሰሰ መንጸጊ ካልኦትን ብምጥቃም ነብስኻ ኣብ ሓደጋ ተእቱ ከም ዘለኻ ምዝካር።

### ኣብነታት ኣብ ሓረስቶት ዝርኣዩ ዘይግቡእን ዘይውሑስን ኣጠቓቕማ ጸረባልዓት

- ኣብቲ ዝተደልየ ቦታ ዘይምንጻግ
- ግቡእ ዓቐን ጸረ-ባልዕ ዘይምጥቃም
- ምትሕውዋስ ጸረ-ባልዕ
- ጸረ-ባልዕ ኣብ መንበርን ትምገበሉን ቦታ ምኽዛን
- ኣብ ድኳናት ምስ ሃለኽቲ መግብን ናይ ህንጻ መሳርሕን ምሻጥ

### ሳዕቤን ግጉይ ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዕ

- ባልዓት ተጻዋርነት የጥርዩ ከም ውጽኢቱ ባልዓትን ሕማማትን ይሰስኑ
- ብኸንቱ ጸረ-ባልዕ ኣኽቲሉ ዘተደልየ ወጻኢታት የስዕብ
- ጠንቂ ብከላ ደቂ-ሰብ ውጽኢት ኣልቦ ምክልኻል ባልዕን ይኸውን
- ብከላ ኣከባቢ የስዕብ (ኵሎም ህይወታውያን ዘይህይወታውያን የጠቓልል)
- ምጽናት ጠቐምቲ ዝኾኑ ሰነ-ህይወታውያን ምክልኻል ባልዓት
- ተረፍ ጸረ-ባልዕ ኣብ እትዋት ብቚሊን ውጽኢቱን ብከላ የኸትል

ሓረስቶት፡ ሳዕቤን ግጉይ ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዕ ተረዲኦም ነዞም ስዒቦም ተጠቒሶም ዘለዉ ግቡእ ምሕደራ ጸረ-ባልዕ (ውሁድ ሜላ ምክልኻል ባልዓት/ IPM) ክዘውትሩ ይግባእ።

- ኣብ ኣከባቢኻ ዘራእቲ ዘጥቅዑ ቀንዲ ባልዓት ምልላይ
- ምጥቃም መከላኸሊ ባልዓትን ሕማማትን
- ተጻዋርነት ዘለዎም ዓሌት ዘራእቲ ምጥቃም
- ዑደት ዘራእቲ ምዝውታር
- ጽሬት ግራት ብግቡእ ምሕላው
- ብኢድካ ተጠቒምካ ባልዓት ምእራይ
- ምጥቃም መካኒካዊ ምክልኻል ከም ፌርሞን ትራፕ፡ ምጥቃም ቀንዴል መብራህቲ፡ ትኪ ወዘተ
- ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ምጥቃም

### “ምጥቃም ጸረ-ባልዕ ናይ መወዳእታ ምርጫ ይኹን!”

ጸረ-ባልዕ ከምቲ ጥቕሙ ዓቢ ጎድናዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ንሳዕቤናት ጸረ-ባልዕ እንቃልዓሉ መገድታት ድማ ቀለልቲ ብምዃኖም፡ ኣብ ክራማት ሓረስቶት ግቡእ ኣጠቓቕማ ጸረ-ባልዕ ከዘውትሩ፡ ክነቕሕሉን ቅድመ ምድላዋት ክገብሩን ይምከሩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

## VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Instrumentation Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

### Major Duties and responsibilities.

• Ensures the engineering and maintenance of instrumentation equipment and supports the maintenance teams.
• The incumbent is also in charge of the predictive, preventive and statutory maintenance. Supervise his team in hardware and software configuration, programming, installation, testing and commissioning Mine Control System and any interfacing systems.
• Ensure staff are trained and mentored so that they have the required competencies to undertake their work assignments. Work harmoniously with other departments to ensure good relationships are developed and maintained.
Manage the engineering and maintenance of instrumentation control system equipment
• Ensure maintenance works in compliance with principles of best practice and standards applicable in Eritrea
• Develop maintenance plans for mine site equipment where it does not exist in Eritrea
• Accomplish tasks with allotted time and in compliance with budget constraints
• Provide technical support to the maintenance and electrical team
• Work autonomously while accomplishing works
• Support equipment modification or electrical installation projects
• Work to achieve global objectives for mine site production
• Ensure that subordinate colleagues work safely, assist the supervisor to accomplish inspection of work areas and lead daily Toolbox meetings
• Participate in planning of maintenance activities, link to instrumentation and Control System works (Preventives or Correctives with the assistance of Electricity and Instrumentation Planners)

### Manage equipment

• Maintain his/her equipment clean as well as that of the site under his/her responsibility
• Accomplish tasks in a way not to waste materials
• Promptly inform the Maintenance Leader in case of tools or equipment maintenance or replacement need
• Complete all necessary documents in relation with maintenance management system

### Contribute to Health and Safety while working

• Promote a safe work environment in compliance with health and safety policies and collaborate to improve them
• Take all useful actions to avoid deterioration, break or damage of the Company's assets
• Identify and communicate opportunities to improve preventive and predictive maintenance procedures.

### Accomplish other works

• Accomplish other tasks the hierarchy may ask
• Collaborate with other shifts, sections and departments to accomplish tasks as required

Profile: Qualifications and Experience

### Formal Education, Certifications or Equivalents

• Degree or Diploma in Electrical Engineering or Instrumentation Engineering

### Working Experience – Nature & Length

• 3 years' experience in a similar position
• Knowledge of P&ID, instrumentation, regulation P, PI, PD, PID
• High Knowledge: in OS / AS system, PCS7, Supervisory Control and Data Acquisition (SCADA), Process Control narrative (PCN), Process Hazard System Analysis (PHA)
• Experience with configuration hardware/software in Siemens and Schneider product: S300, S400, S700 is an advantage,
• Experience in Power Generation and Distribution System,
• Deep Knowledge in Programmable Logic Controller (PLC), WinCC flexible,
• High knowledge in networking, in topology and communication link: profibus, fiber optical, Ethernet system, CAN bus,

### Technical Skills

• Able to use diagnosis PI datalink, PI process book
• Able to read and create electrical drawing, loop drawing, layout synoptic
• Proficient in English for effective verbal communication and good writing skills
• Proficient in Microsoft tools (Word, Excel, Outlook and Power Point)
• Strong knowledge of ACAD and Visio
• Leadership skill in multi-disciplinary environment.
• Train and develop local staff
• Analytical skills
• Project management skills
• Attention to detail
• Report Writing skills
• Decision making skills
• Plan, organize and execution skills
• Problem solving skill
• Valid Driver's License

### Behavioral Skills

• Ability to establish and develop the maintenance department people, systems and standards at start up.
• Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
• Proactive and organized with strong man management skills
• Safety leadership by example
• Ability to work in developing country
• Good Interpersonal skills
• Ability to work under pressure
• Ability to work toward strict deadlines
• Commitment to deliver on agreed targets - Results oriented
• High level of initiative
• Ability to multitask
• Demonstrated team building and mentoring skills
• Demonstrated training and people development skills
• Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.


General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ


## ዝደቐቑ ፕላስቲካት ካብ ማይ ከተልግስ እትኽእል መሳርሒት

ኣብ ካናዳን ቻይናን ዝርከቡ ስኡ ፍልጠተኛታት፡ 99.9 ሚእታዊት ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ካብ ዝስተ ማይ ከተልግስ እትኽእል መሳርሒት ከምዝምህዙ ተሓቢሩ።

ኣብ ወሽጢ እዛ 'ዩቶፕ' ተሰምያ ዘላ መሳርሒት መጻረዪ ማይ ዝርከቡ ጥረ-ነገራት፡ ካብ ተኸሊ ዝተመስርሑ ምኻኖም እዩ ዝሕብር ዘሎ። ኣብ ዓይነት እቶም ኣብ'ቲ ማይ ዝርከቡ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ተመርኩሳ ደማ፡ ካብ 95.2 ክሳብ 99.9 ሚእታዊት ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ከምእተጻሪ ሰራሕታ ኣጸፊሮም። እዛ መሳርሒት ኣብ ምጽራይ ማይ ዘለዋ ኣድማዕነት ንምርግጋጽ ኣብ ኣናጹ ኣብ ዝተኻየደ ፈተነ ከኣ፡ በዛ መሳርሒት ዝተጻረየ ማይ ዝሰተያ ኣናጹ ካብ'ተን ብመሳርሒት 'ዩቶፕ' ዘይተጻረየ ማይ ዝሰተያ ኣናጹ ንላዕሊ ኣብ ኣካላተን ብዝሒ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ከምዘይዝዓዘበ፡ እቶም ስኡፍልጠተኛታት ሓቢሮም።

ብተወሳኺ፡ እዛ መሳርሒት ዋላ ኣብ ትሕቲ ደረጃ ብቕዓት ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ እውን እንተኾነ፡ ኣብ ምጽራይ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ዘለዋ ብሉጽነት ልዑል ምዃኑ ከረጋግጹ ተኻኢሉ ኣሎ። መሳርሒት 'ዩቶፕ'፡ ብናቕማ ኑቲ ካብ ክዳውንቲ፡ መዐሸጊ ምግብታትን ማስተታትን ዝተፈላለዩ ፕላስቲካዊ ፍርያት ዝመንጨወ ብዙሓት መልክዕ ተዳቒቖም ኣብ እስተንፋሶ ኣየር፡ እንበልዮ ምግቢ፡ እንሰትዮ ማይ፡ ሕሉፍ ሓሊፍዎም ደማ ኣብ ሰራውር ደምን ጸብ ጡብ ኣደን ህላወኦም ኣውሒሶም ዝርከቡ ፕላስቲካት ንምውጋድ እወታዊ ተራ ከምዝህልዋ፡ ክኢላታት ዝተፈላለዩ ዓውድታት ገሊጾም።

እዛ ብእትውንኖም ጥረ-ነገራት ኣብ ኣከባብን ሰብን ኣሉታዊ ሳዕቤን ከተውርድ ከምዘይትኽእል ትግለጽ ዘላ መሳርሒት፡ ዕምግታ ብዘቐልል መንገዲ ከምእተካይድ ይሕበር። ሰራሕታ ከኣ ካብ'ዚ ተበጊሶም፡ መሳርሒት 'ዩቶፕ' ብደረጃ ዓበይቲ ትካላትን መንበሪቤትን ተሰሪሓ ኣብ ምጽራይ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት መታን ክትውዕል፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ ዝምልከቶም ኣካላት ኣቓልቦ ክገብሩላ ጸዊዒት ኣቕሪቦም።





## ብከላ ኣየር፡ ንተኽእሎታት ኣብ እዋን ጥንሲ ዝፍጠር ሕማም ሽኮር የልዕል

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርኒያ ዝመደበርም ተመራመርቲ ኣብ ዘየዱዎ መጽናዕቲ፡ ኣብ ቀዳሞት ሳምንታት ጥንሰን ንብከላ ኣየር ዝተቓልዓ ኣደታት፡ ኣብ ግዜ ጥንሲ ብዝፍጠር ሕማም ሽኮር (gestational diabetes) ክጥቀዓ ዘለወን ተኽእሎ ብመጠኑ ዝለዓለ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።

ኣብ እዋን ጥንሲ ዝፍጠር ሕማም ሽኮር ድሕሪ ሕርሲ ዝሓሊ ግዜያዊ ሕማም ኮይኑ፡ ኣብ'ታ ኣደ ግዜያዊ ምልዓል ጸቕጢ ደም ከኸትል ከሎ፡ ኣብ'ቲ ዕሸል ከኣ ምልዓል ሚዛን ኣካላት ኣብ ኣዋን ወሊድን ተኽእሎታት ክረሻ ድሕሪ ወሊድን ከምዘስዕብ ይሕበር። ኣብ'ዚ ሓድሽ መጽናዕቲ ከኣ፡ ቅድምን ድሕርን ጥንሲ ኣብ ዘሎ ሓሙሽተ ሳምንታት ንልዑል ብከላ ኣየር ዝተቓልዓ ነፍሰጾራት ኣደታት፡ ኑቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ ጥራይ ዝረጋጥም ግዜያዊ ሕማም ሽኮር ብዘየዳ ዝተቓልዓ ምዃነን ክልለ ተኻኢሉ ኣሎ።

እቲ መጽናዕቲ፡ ካብ ተሸከርከርቲ ዝትፍኡ ጭኢታታት ብከላ ኣየር - ከም PM2.5ን PM10ን ናይትሮጅንን ዳይኦክሳይድን ዝኣመሰሉ ኣብ ጥዕና ነፍሰጾራትን ዕሸላተንን ዝሀልዎም ጽልዋታት ንምፍላጥ፡ ኣብ ብርክት ዝበላ ደቂ-ኣንስትዮ እዩ ተኻይዱ። ኣብ'ቲ ዝተረኽበ ወጽኢት ከኣ፡ ናይትሮጅን ዳይኦክሳይድ ዝያዳ እቶም ካልኦት ጭኢታታት ብከላ ኣየር፡ ንዚ ሕማም ከስዕብ ዝኽእል ጭኢታ ምዃኑ ተጸሊኡ ኣሎ። እዚ ዝምድና ብከላ ኣየርን ሕማም ሽኮርን ብዝያዳ ኣብ'ተን ቅድሚ ወሊድ ብወጥሪ ኣእምሮ ዝሳቐያ ኣደታት ጎሊሑ ከምዝረኸብዎ ደማ ትዕዝብቲኦም ገሊጾም ኣለው።

ንሳቶም፡ ዋላ'ኳ ስለምንታይ ብከላ ኣየር ኑቲ ኣብ እዋን ጥንሲ ዝፍጠር ሕማም ሽኮር የስዕብ ብንጹር ከለልይዎ ኣይኽኣሉ፡ ብከላ ኣየር ዘኸትሎ ነድሪ ኣብ ኢንሱሊን ብዝፈጥሮ ምዝንባዕ ዝስዕብ ክኸውን ከምዝኽእል ግን ሞያዊ ግምታቶም ሂቦም ኣለው። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ቅድምን ድሕርን ምጥናሰን ኣብ ዘለዋ ቀዳሞት ኣዋርሕ፡ ካብ ልዑል ብከላ ኣየር ዝርኣየሎም ኣከባቢታት ክርሕቃን ነፍሰ ጾራት ኣብ ዝኾናሉ እዋን ከኣ ወጥሪ ኣእምሮ ከወግዳን መኺሮም።



## ነዊሕ ሰዓታት ቲቪ ዝዕዘቡ ቈልዑ ንጸገማት ልቢ ይቃልዑ

ኣብ ፊንላንድ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ንነዊሕ ሰዓታት ከየዕረፉ ቴለቪዥን ኮነ ዝተፈላለየ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ዝዕዘቡ ቈልዑ፡ ንጸገማት ልቢ ዝተቓልዑ ምዃኖም ተገሊጹ።

ኣካየድቲ ናይ'ዚ መጽናዕቲ፡ ኣብ እዋን ቈልዕነት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ንብዙሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ዕንወት ጥዕና ልቢ ከምዘስዕብ ኣብሪሆም ኣለው። ካብ 11 ክሳብ 24 ኣብ ዘሎ ዕድመ ዘይንጡፍ ሂወት ምምራሕ፡ ክብደት እቲ ኣብ ምጭንጓዕ ደም ዝጦፍ ጺጋማይ ክፋል ልቢ እናወሰኸ ከምዝኸይድ ድማ ወሲኾም ገሊጾም። ኣብ'ቲ ኣብ ምጭንጓዕ ደም ዝጦፍ ጺጋማይ ክፋል ልቢ ዝፍጠር ምውሳኽ ክብደት፡ ህሉው ዓቕን ጸቕጢ ደምን ክብደት ኣካላትን ብዘየገድስ፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ንተኽእሎታት ሕማማት ልቢ፡ ወቕዕን ሞትን ብዕጽፊ ከምዘልዕሎ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣጸፊሮም ኣለው።

እቶም ተመራመርቲ ኣሰዒቦም፡ ኮፍ ኢልካ ዝተፈላለዩ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ንምዕዛብ ዝጠፍእ ብዙሕ ሰዓታት፡ ንዓቕን ክብደት ልቢ እናልዓለ ስለዝኸይድ፡ ወለዲ ደቆም ተለቪዥን ኮነ ካልእ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ኣብ ዝዕዘቡሉ ንውሓት ሰዓታት ጥቡቕ ቁጽጽር ክገብሩ ኣዘኻኺሮም።



## ዳካ ቡን፡ ኣብ ድልዳለ ካሻስትሩስ ተራ ይህልዎ

ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከቡ መሃንድሳት፡ ካብ ዝተሰተየ ቡን ዝተረፈ ዳካ ተጠቒሞም፡ ንትሪ ካሻስትሩስ ብ30 ሚእታዊት ክብ ከብልዎ ከምዝኸኣሉ ተሓቢሩ።

እዞም መሃንድሳት፡ ኑቲ ካብ ዝተሰትየ ቡን ዝተርፍ ዳካ፡ ኦክሲጅን ከምዘይኣትዎ ገይሮም ኣብ 350 ዲግሪ-ሰንትግረይድ ዝጽሕ ዓቐን ሙቐት ኣእትዮም ብምውዓይ እዮም ናብ ባዮቻር ክልውጥዎ ክኢሎም ዘለው። ኑቲ ባዮቻር ተጠቒሞም ደማ፡ ንትሪ ካሻስትሩስ ከምዝዕበዩዎ ወሲኾም ሓቢሮም። እዚ ብዓይነቱ ናይ መጀመርያ ዝኾነ ሜላ ኣሰራርሓ፡ እቲ ናብ ባዮቻር ተለዊጡ ኣብ ምትራር ካሻስትሩስ ኣበርክቶ ዝተረኽቦ ዳካ፡ ንገለ ክፋል'ቲ ኣብ ምስራሕ ካሻስትሩስ ዝዉዓል ሑጻ ክትክእ ምዃኑ ደማ ኣረዲኦም ኣለው።

ሑጻ ሓደ ካብ ቀንዲ ጥረ-ነገራት ካሻስትሩስ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ጥቕሚ'ዚ ንምውዓል ካብ ምድሪ-ቤትን ጉማዕን ኣፍላጋትን ከምዝውሰድ ይግለጽ። ጠለብ ሑጻ ምስ ምዕባለታትን ምስፍሕፋሕ ከተማታትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይኸይድ ብምህላዉ ድማ፡ ኣብ ቦታ ዕደና ሑጻ ኣከባብያዊ ዕንወት ከምዘውርድ ይግለጽ። ብደረጃ ዓለም ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ዓመታዊ 50 ቢልዮን ቶን ዝጽሕ ሑጻ ኣብ ማስርሕ ምህናጽ ህንጻታት ይበኽን። ኣብ መጻኢ ደማ ህንጻ ዝድለ መጠን ሑጻ ብመዳይ ጠለብን ቀረብን ክዛመድ ስለዘይክእል፡ ንሑጻ ክትክኡ ዝኽእሉ ኣማራጺታት ንምርካብ ምርምራትን ፈተነታትን ብተደጋጋሚ ይካየዱ ምህላዎም ይግለጽ። እዞም ኣውስትራላውያን መሃንድሳት እዚኦቶም ከኣ፡ ካብ ዳካ ቡን ዝተሰርሐ ባዮቻር፡ ዋላ ንሑጻ ወኪሉ ኣብ ኣገልግሎት ህንጻ ክውዕል እንተዘይክኣለ፡ ብሰፊሑ ምስ ዝሰራሓሉ ግን ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ከምዝህልዎ እዮም ዘመልክቱ።



እቶም ክኢላታት፡ ኑቲ ዓመታዊ እናተጓሕፈ ኣብ ምውሳኽ ክሊማዊ ዋዒ ተራኡ ክጻወት ዝጸንሐ ሚልዮናት ኪሎ-ግራማት ዝኾነ ዳካ፡ ኣብ ጥቕሚ ክውዕልዎ ብምኽኣሎም ኣዘዩም ሕጉሳት ምዃኖም ገሊጾም። ብተወሳኺ፡ እዞም ጉጅለ ተመራመርቲ፡ ንኣንፈቲ ዝተጓሕፈ ምግብን ካልእ ተረፍ-መረፍ ሕርሻዊ ምህርትን ዝተማስርሑ ባዮቻራት ተጠቒሞም ኣብ ምስራሕ ካሻስትሩስ ክምዝውዓሉዎም ይሕበር። እዚ ቀጻልነት ዘለዎ ዝመስል መጽናዕታዊ ፈተነ'ዚ፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ'ቶም ተጓሒፎም በቲልቲ ጋዝ ዘፍርዩ ዓይነት ጕሓፋት እውን ክፍትንዎ መደብ ከምዘለዎም ኣብ መወዳእታ ገሊጾም።

## ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ዝተረኽባ ፕላኔት

ክኢላታት ስነ-ጠፈር፡ ኣብ ጠፈር ካብ ጸሓይ 700 ዓመታት ብርሃን ርሒቓ ኣብ እትርከብ ፕላኔት፡ ናይ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ጭኢታ ብመንገዲ ቴለስኮፕ ጠፈር ጄምስ ዌብ ክድህስሱ ከምዝኸኣሉ ሓቢሮም።

እዚ ኣብ ጠፈር ተዳህሲሱ ዘሎ ጭኢታ፡ ኣብ'ታ ብዘለዋ ልዑል ዓቐን ሙቐት ፍልጥቲ ምዃና ዝነገረላ 'WASP-39b፡ ዝተባህለት ፕላኔት እዩ ተረኺቡ ዘሎ። እዛ ኣብ 'ጭፍራ ከዋኽብቲ ሰንበል' ተደኲና እትርከብ ፕላኔት፡ ንመጀመርያ እዋን ኣብ ህዋእ ጭኢታ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ዝተረኽበ ፕላኔት ኰይና ተመዝጊባ ኣላ። እቶም ክኢላታት ኣብ'ዛ ፕላኔት ድሕሪ ዘየዱዎ ዓሚቝ መጽናዕቲ፡ እዛ ፕላኔት ጭኢታታት ሳልፈርን ሰልከይትን ብዝርከቦ ጸዑቕ ደበና ተጐልቢባ ከምእተዓዘቡ ገሊጾም። ዕበየት እዛ ፕላኔት ሓደ ስልሲት ናይ ፕላኔት ጁፒተር ኮይኑ፡ ካብ'ታ ብርሃን እትምጥቦ ኮኾብ ከኣ 7 ሚልዮን ኪሎ-ሜተር ጥራይ እያ ርሒቓ እትርከብ።



ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ ከኣ፡ ኑቲ ኣብ ደበናታት እዛ ፕላኔት ዝረኸብዎ ጭኢታታት ምርኩስ ብምግባር፡ እዛ ፕላኔት እዚኣ ካብ'ታ ብርሃን እትምጥቦ ኮኾብ ኣዝዩ ርሒቓ ከምእተፈጥረት፡ ግን ከኣ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ናብታ ኮኾብ እናቐረበት ከምዝኸደት እዮም ዝሕብሩ። እዛ ፕላኔት ብዘለዉዋ ጭኢታታት፡ ሂወታውያን ክነብሩላ ዝኽእሉ ዋላ'ኳ እንተኾኑ፡ ብሰንኪ ዘለዋ 900 ዲግሪ-ሰንትግረይድ ዝጽሕ ልዑል ዓቐን ሙቐት ግን፡ ኣይኮነን ሂወታውያን ኣሰር ሂወታውያን እውን ክርከብ ዘይሕሰብ ምዃኑ ኣገንዚቦም።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ በራኺ<br>ፋርማሲ ሺያ ድዓ<br>ፋርማሲ ማይ ተመናይ | 27/08/2023 | ከባቢ ፈያት ታሊሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ ጎደና<br>ጎደና ሲጋሌት ቀጥታ ቁ.6(ሺያ ጅዳ)<br>ጎደና ዓዲ ኣቤይቶ ቁ.315፡ ከባቢ ቤት ክርስትያን ኣቡነ ኣረጋዊ | 07147264<br>07138002<br>08370134 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565